**ኣብ ዝሓለፈ 22 ጥቅምቲ 2007 ብዛዕባ ቡራኼ ኣቡነ ጵጵስና መንበረ ኣስመራ ኣባ መንግስተኣብ ተስፋማሪያም፡ ጽሑፍ ንመርበብ ሓበሬታ ሰዲደ ነይረ፡ እቲ ስብከት ሎሚ ምስ ኣምላኽና ክንዕረቕ ዝብል፡ ብሙሉኡ ህዝቢ'ውን ክካፈሎ እንሆ።**

**እዚ ጽሑፍ ከም ንመንገዲ ሓቕን ፍትሕን፡ ንሕውነትን ስኒትን ዝሕብር ብስራት ንህዝቢ'ምበር ብኻልእ መልክዕ ይቐርብ ከም ዘየልቦ ኩሉ ሰብ ክርዳእ ይግባእ። ልዕሊ ኩሉ እዚ ብውልቀ ሓላፍነት፡ ነቲ ህዝቢ ክሰምዖ ዘለዎ ኣገዳሲ ፍረ መንፈሳዊ መራሒ ምኻኑ ምርዳእ'ውን የድሊ።**

**ምስ ሰናይ ትምኒት**
**ንኩሉ ደላይ ሰላምን ፍትሕን**

**25 ጥቅምቲ ኣንቶንዮ ተስፋይ**

============= ============ ================

# ርእሰ ዓመት፣ በዓል ቅዱስ ዮሓንስ

*፩ መስከረም ፳፻ ዓ.ም.ግ*
12 *መስከረም* 2007 *ዓ.ም.ፈ*

## ***<u>እውነተይና ሰላም ክንረክብ፣ ምስ ኣምላኽና ንተዓረቕ!</u>***

***ክቡራንን ክቡራትን ኣባላት፣ ሰድራቤት እግዚኣብሔር፣***

ኣይብኃይልናን፣ ብኃይሊ ኣምላኽ፥ ሎሚውን ዘመነ ሉቃስ ተዛዚሙ፤ ዘመነ ዮሓንስ ኣብ ዝጀምረሉ ወቕቲ በጺሕና። በዓል ቅዱስ ዮሓንስን በዓለ መስቀልን ከነኽብር ከኣ ንዳሎ ኣሎና። ናይ ሎምዘመን መልእኽተይ ክልተ ዓበይቲ ነጥብታት ዝሓዘት እያ። መጀመርያ እዞም ኣብ ቀዳማይ ወርኂ ናይ ዓመተ ምሕረት ግዕዝ እነብዕሎም በዓላት፣ ሎምዘመን ናብ መበል □□ (ክልተ ሽሕ) ዓ.ም. ግእዝ ዘእትዉና ስለዝኾኑ ከም ናይ ኣምላኽ ዓብይ ህያብ ተቐቢልና ፍልይ ዝበለ ድምቀት ክንህቦም ይግባእ። እቲ ካልኣይ ነጥቢ ከኣ ብዛዕባ ሃይማኖት ኣብ ሓደ ኅብረተ-ሰብ ዘለዎ ዓብይ ተራ ከነስተንትን ንነፍስወከፍና እዕድም።

**፩.**

በቈጻጽራ-ሥርዓት ግዕዝ፣ እዚ እንጅምሮ ዘሎና ዓመት መበል ፳፻ (ክልተ ሽሕ) ዓመተ ምሕረት ስለዝኾነ፥ ከምቲ ብጎርጎርዮሳዊ ኣቈጻጽራ-ዘመን ቅድሚ ሾብዓተ ዓመት ዘኽበርናዮ ዓመት ኢዮቤል፥ ንመንፈሳዊ ተሓድሶን፣ ሓዲስ ሓዋርያዊ ተበግሶን ክንጥቀመሉ እንደገና ብእግዚኣብሐር ዝወሃበና ዓብይ ጸጋ እዩ። ሽሕኳ ከምቲ ቀዳማይ ኢዮቤል ብወግዒ ፍሉይ ምድላዋት እንተዘይገበርናሉ፣ ሎምዘመን'ውን ነዚ ናይ መንፈሳዊ ዕብየትን፣ ንጥፈታትን ግዜ ምርካብና ወትሩ ክጠቕመና ከምዝኽእል ክንስሕቶ የብልናን። *"ንጸጋ-ኣምላኽ ንኸንቱ ከይትቕበሉ ንምዕደኩም ኣሎና። ብምሽእቲ ሰዓት ሰማዕኩኻ፣ ብመዓልቲ ምድኃን ረዳእኩኻ" ከም ዚብሎ፥ እንሆ እታ ምሽእቲ ሰዓት ሕጂ እያ፥ እንሆ እታ መዓልቲ ምድኃን ሕጂ እያ* (2ቆሮ 6፣1-2)።

ኣብዚ እንጅምሮ ዘሎና ሓዲሽ ዓመተምሕረት ግዕዝ እምበኣር ቅዱስ ጳውሎስ ንእውነተይና ተሓድሶን ዕርቅን ኣመልኪቱ ዝብሎ ንዝክር፥ *"ሓደ'ኳ ብክርስቶስ እንተ'ልዩ፥ ንሱ ሓዲሽ ፍጥረት እዩ፤ እቲ ብሉይ ኃሊፉ፥ እንሆ ኾሉ ሓዲሽ ኮይኑ እዩ። እዚ ኾሉ'ውን ካብ'ቲ ባዕሉ ብክርስቶስ ገይሩ ዝተዓረቐና፥ ንኻልኦት'ውን ምስኡ ከነተዓርቕ፣ መዚ ዝሃበና ኣምላኽ እዩ። እወ ኣምላኽ ንዓለም ምስ ርእሱ ኺዓርቃ ኸሎ፣ ብክርስቶስ ገይሩ እዩ፤ "በደሎም ኣይኃዘሎምን፣*

*ንኣና ከኣ መልእኽቲ ዕርቂ ሃበና”።* *ስለዚ ንሕና ናይ ክርስቶስ ኣምባሳደራት ኢና፥ ኣምላኽ ከኣ ብኣና ገይሩ ይዕድም ኣሎ። ኣብ ክንዲ ክርስቶስ ኮይንና ድማ “ምስ ኣምላኽ ተዓረቑ እናበልና ንልምነኩም ኣሎና። ንሕና ብክርስቶስ ተኻፈልቲ ጽድቂ ምእንቲ ክንከውን፥ ኣምላኽ ነቲ ኀጢኣት ዘይፈለጠ ኣብ ክንዳና ኃጢኣተኛ ገበሮ”።* (2ቆሮ.5፣17-21) ኣነውን ሎሚ ምስ ኣምላኽኩም ክትዕረቑ፣ ብእምነትኩም ክትጸንዑ፣ ብፍቕሪ ክትኃብሩ፣ ብስም ክርስቶስ እልምነኩም ኣሎኹ።

ምስ እግዚኣብሔር ዝተዓርቀ ሰብ፣ ምስ ርእሱን ምስ ካልኦትን ኪዕረቕ ኣየጸግሞን እዩ። ምስ ኣምላኽና ቅኑዕ ርክብ እንተዘይብልና ኢና ምስ ርእስናን ምስ ሰብን እንበኣስ። እዚ ከኣ እውነተይና ሰላምን ቅሳነትን ካብ እግዚኣብሔር ጥራሕ'ዩ ዝመጽእ ማለት እዩ። ብዘይ እግዚኣብሔር ዝርከብ ምዕባለ፣ ወይ ሀብቲ ኵሉ በራሲ እዩ። ወትሩ፣ ምስ እግዚኣብሔር እዩ ዝሕሸና። ስለዚ መጀመርያ ምስ ፈጣሪና ንተዓረቕ። ብዝኾነ ይኹን መገዲ ምስ ኣምላኽና ተባኢስና እንተሎና፣ እቲ ብምሕረት ሀብታም ዝኾነ ኣቦና ወትሩ ኢዱ ዘርጊሑ ስለዝቕበለና ብትሕትናን ብንስሓን ናብኡ ንመለስ። ዓመት መጸ ልብና ኣትሪርና ኣብቲ ሕማቕ ኣመልና ኣይነንገርግር። ኣብዚ ሓዲስ ዓመትዚ ምስ ርእስናን ምስ ብጻይናን ንተዓረቕ፣ ካብ ጽልእን ቅርሕንትን፣ ካብ ብልሽውናን፣ ሓሶትን፣ ካብ ጭካነን ዓመጽን ንርሓቕ። እግዚኣብሔር ከኣ ኣብ ነፍስወከፍናን፣ ስድራቤትናን፣ ሃገርናን ሓቀይና ሰላምን ቅሳነትን ከፍስስ እዩ። እግዚኣብሔርሲ *“ቅንዕና ክንገብር፣ ምሕረት ከኣ ክንፈቱ፣ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽውን ብትሕትና ኽንነብር እንተዘይኮይኑ፣ኻባና ዚደልዮ ሓንቲ እኳ የልቦን”* (ሚክ.6፣8)።

## ፪.

ሃይማኖት ንሓደ ሕዝቢ ጎሊናኡን መብራህቱን ኮይኑ ከገልግል ኣለዎ። ጎሊና ክንብል ከሎና፣ ዝኾነይኹን ውልቀሰብ፣ ኀብረተሰብ ወይ ሕዝቢ ብመንገዲ እውነተይና ነጻነትን ሓድነትን፣ ብመንገዲ ፍትሕን ርትዕን፥ ብመንገዲ ኣኽብሮት ሰብኣዊ መሰልን ምእንቲ ኪጐዓዝን፣ ክምራሕን፣ እተዘኻኽር ድምጺ ማለት እዩ። ቤተክርስትያን'ውን፣ ዝኾነ ማኀበራውን ፖለቲካውን ሥርዓት *“ኵሉ ግዜ ክመሓየሽ ይግብኦ፥ ኣብ ሓቂ ዝተመስረተን ኣብ ፍትሒ ዝተሓንጸን፥ ፍቕሪ ዝለበሰን ክኸውን ኣለዎ፥ ኣብ ናጽነት ከኣ ምሕረት ዝሓዘለ ሰብኣዊ ፍርዲ ክህልዎ ይግባእ። እዚ ነገራት'ዚ ኣብ ዕላማኡ ክበጽሕ እንተደኣ ኮይኑ፣ ናይ ኣተሓሳስባ ምምሕያሽን፣ ሰፊሕ ማኀበራዊ ለውጥታትን ክግበር ኣለዎ”* (ፍሥሓን ተስፋን ቍ.26) ቤተክርስትያን ተዘኻኽር። ኢሳያስ ነቢይ ንዚብሎ፣ ኣብ ስብከት ዮሓንስ መጥምቕ'ውን ዝተጋህደ፣ *“ናይ ሓደ ኣብ ምድረ በዳ ዚእውጅ ድምጺ፥ ‘ጐደና እግዚኣብሔር ጽረጉ፣ መንገድታቱውን ኣቕንዑ፥ ስንጭሮ ዘበለ ልዕል ይበል፥ እምባን ኵርባን ኵሉ ትሕት ይበል፥ ጥውይዋይ ዝኾነ ኵሉ ትኽ ይበል፥ ድንጉር ይተኻኸል፥ ሥጋ ዚለበሰ ኹሉ ኽኣ ምድኃን ኣምላኽ ኪርኢ እዩ” (ሉቃ.3፣4-11፥ኢሳ.40፣3-5)* እናበለት ቤተክርስትያን ቀጻሊ ድምጻ ከተስምዕ ብክርስቶስ መሥራቲኣ ተኣዚዛ ኢያ። ኀብረተሰብ'ውን ነዚ ክትብል ይጽበያ። ኣብ ፈለግ ዮርዳኖስ ኪጥመቕ ናብኡ ይመጽእ ንዝነበረ ሕዝቢ፣ ቅዱስ ዮሓንስ መጥምቕ፣ ደጋጊሙ *“ክልተ ኽዳን ዘለዎ ነቲ ዘይብሉ ይምቀሎ፣ ቀለብ ዘለዎ ድማ ከምኡ ይግበር”፥* ነቶም ተቐበልቲ ቀረጽ *“ካብቲ ዝተኣዘዘልኩም ኀልፊ ኣይትውሰዱ”፥* ነቶም ወተሃደራት ድማ፣ *“ንሓደ እኳ ኣይትግፍዑ፣ብሓሶትውን ኣይትኽሰሱ፣ ደሞዝኩም ይኣኽለኩም”* (ሉቃ.3፣11-14) ኪብል ቅኑዕ ናይ ጎሊና መምርሒ ከም ዝሃቦም፤ ቤተክርስትያን'ውን ንሕዝባ መንገዲ ድኅነት ትሕብር።

ከምዚ ዝኣመሰለ ዘነቓቕሕን ዘብርህን ኣራሚ ድምጺ ዘይስመዓሉ ኀብረተሰብ፤ ንጹር ራእይ ኪህልዎ ኣይክእልን እዩ። ሃይማኖት እንኪደክም፤ ጎሊና ሕዝቢ እውን ይደናገር እዩ። ሽዑ ብቐሊሉ ንጊጉይ ቅኑዕ፣ ንሕማኽ ጽቡቕ፣ ዝብል ዝንቡዕ ርእዮተዓለም ይምዕብል። በቲ ካልእ ወገን ከኣ ሃይማኖት'ውን መገዱ ስሒቱ፤ መሳርሒ ካልእ ዕላማታት ኮይኑ እንተተረኺበ ካብ እውነተይና ኣገልግሎቱ ርሒቑ ማለት ኢዩ። ኣብ ቅዱስ መጽሓፍውን ክልተ ዓይነት ነቢያት ከምዝነበሩ ንርኢ። እቶም ሓሰውቲ ነቢያት ነቲ ንቡር ኣከያይዳ ደጊፎም፤ ሕዝብን መራሕቱን ኪሰምዕዎ ንዚደልዩ ጥራሕ ዚነግሩ፣ በኣኡ ኸኣ ዚናበሩ እንኪኾኑ(ኤር.23 ረአ)፤ ካልኦት ግን ቃል-ኣምላኽ ብዝበሎም ተመሪሖም፤ ንሕዝብን መራሕቱን፤ ኣምላኽ ከም ዝደልዮ ንኺነብሩን ኪሰርሑን የተባብዑ ነበሩ። ሓቀይና ነቢይ ካብ መንገዲ-ኣምላኽ ከይትወጽእ ብቐጻሊ ዘዘኻኽርን ዝምህርን፣ እንተተጋገኻ ከኣ ዝእርምን፣ ዝገንሕን እዩ። ንሱ እዩ ከኣ ንነባሪ ጠቕሚ-ሕዝቢ ዝሓሊ። *“ነቶም ኣብዛ ዓለም'ዚኣ ዘለዉ ሃብታማት ከይዕበዩ፥ ክንሕጐስ ኢሉ ኹሉ ልግሲ ብዚህበና ኣምላኽ'ምበር በዚ ኃላፊ ሀብቲ ኸይእመኑ ኣዝዞም ገበርቲ ሠናይ ክኾኑ፣ ብሠናይ ግብሪ ኺህብትሙ ለጋሳትን መማቕልትን ኪኾኑ ኣዝዝ። በዚ መንገድ'ዚ ናይ ሓቂ ሕይወት ምእንቲ ኪረኽቡ፣ ኣብ'ታ እትመጽእ ዓለም ጽኑዕ መሠረት ምእንቲ ኪኾኖም ንገዛእ ርእሶም ሃብቲ ኪእክቡ እዮም”* (1ጢሞ.6፣17-19)።

ቤተክርስትያን'ውን፣ ምስቲ ወትሩ እተዕርጎ ጸሎትን ምህለላን፥ እተወፍዮ መሥዋዕተ ምሕረትን፥ እተመሓላልፎ መንፈሳዊ መልእኽትን፤ ናይ መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ትእዛዝን ድልየትን ንምፍጻም ብሃለዋት ማኅበረሰብ ክትሓስብን ክትግደስን፥ ሥርዓት ሕግን፣ እሩም ሥነ-ምግባርን፣ ክምዕብል፥ ቃልኪዳን ክጸንዕ፥ ስድራቤት ክትድልድል፥ መንእሰያት ብቕኑዕ መገዲ ክምርሑ፣ ብምሉእ ኃይላ ትምህርን ትድግፍን። ከምኡውን ንዝተ.ጋገዩ ተኣረሙ ክትብል፥ ንዝደንቆሩ ክትምህር፣ ንዝሓመሙ ክትፍውስ፣ ንዝጠመዩ ክትዕንግል፣ መሠረታዊ ጸዋዕታኣ እዩ። *"ንድኻታት፣ ከበሥሮም ስለዝቐብኣኒ፣ መንፈስ እግዚኣብሔር ኣብ ልዕለይ ኣሎ፤ ንምሩኻት ምምላስ፣ ንዕዉራት ምርኣይ፣ ንግፉዓት፣ ምውፃእ ሓራ ከበሥር፣ ሕርይቲ ዓመት-እግዚኣብሔር ክሰብኽ ለኣኸኒ"* (ሉቃ.4፣18-19) ዝብል ተልእኮ መሥራቲኣ ክርስቶስ ተኸቲላ፣ ሕዝቢ ኪብደል፣ ፍትሒ ኪጐድል፣ መሰል ኪገሃስ ከሎ፣ ድምጻ ከተስምዕ፣ ዓገብ ክትብል ግቡኣ እዩ። ብዛዕባ'ዚ ሱቕ እንተበለት ኣብ ቅድሚ ኣምላኽን ኅብረተሰብን፣ ታሪኽን ተሓታቲት ይገብራ። ነፍሲወከፍ ምእመን ክርስቶስ'ውን ኣብ ጥምቀቱ ነዚ ኃላፍነት'ዚ ለቢሱዎ እዩ። ስለ'ዚ ኣብዚ ንጅምሮ ዘሎና ሓዲስ ዓመት ብዝተሓደሰ መንፈስ ኣብ እምነትና ክንጸንዕ፣ ተብዓት መሰኻኽር ክርስቶስ ክንከውን፣ ነኅዋትናን ኣኃትናን ድማ ብቃልን ብግብርን ጽቡቕ ኣርኣያ ክንከውን ንዕደም ኣሎና። እውነተይና ሰላምን ምዕባለን ክንረክብ፣ ምስ ኣምላኽና ንተዓረቕ!!! እግዚኣብሔር ነዚ ዓመት'ዚ፣ ዓመት ነባሪ ዕርቅን ሰላምን፤ ዓመት ፍቕርን ኅውነትን፣ ዓመት ሰብኣውን መንፈሳውን ዕብየትን ምዕባለን ይግበረልና። ኣሜን።

ምስ ብዙኅ ሰላምታን ቡራኬን፤

***ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም***
***ጳጳስ ዘመንበረ ኣሥመራ***